# ሓቅታት ብዛዕባ ክብሮም ዳፍላ

1 ክብሮም ዳፍላ መን ኢዩ?

ክብሮም ዳፍላ ንዝኾነ ወዲ ሃገር ኣባል ሓፋሽ ውዱባት ወጻኢ ሃገራት ኢዩ ዝመስሎ። ከምኡ ግን ኣይኮነን። ክብሮም ሓደ ካብቶም ካብ ሜዳ ናብ ኤውሮጳ ዝተላእኩ ኣባላት ህዝባዊ ሓይልታት ኢዩ። ውድባዊ ንጥፈታት ኣብ ምዕማም ዓቢ ኣስተዋጽኦ ዝነበሮ ዜጋ ኢዩ። ኣብቲ እዋን እቲ ብዝነበሮ ክእለትን ዝጸንሖ ልምድን ኣብ ሓያለ ምስጢራዊ ስራሕ ተሳቲፉ ኢዩ። ካብቲ ብውልቁ ዓበይቲ ስራሕ ኣብ ትሕቲ ገለርያታት ዝፍጸም ዝነበረ ምትምያን ባጤራ ክጥቀስ ይከኣል። ተፈሊኻ ምኻድ ከም ናይ ውልቁ ፍሉይ ባህሪ ኔሩ። ብጸቱ ኣብ ምንቅስቓሳቱ ብዙሕ ትዕዝብቲ ኣይነበሮምን። ክብሮም ኣብ ትዕዝብቲ ዘእተውኦ ምንቅስቓስ ብዙሓት እኳ እንተኾና እታ ዓባይ ነጥቢ ግን መርከብ ኣብ ዝተዓደጋሉ እዋን ኢዩ። ህዝባዊ ግንባር ብርእሰ ምርኮሳ ዘተኣታተዎም ስራሕ ብዙሕ ኢዩ። ዋላ ድኣ ኣብ ኩሉ ኪኸውን ከሎ ትጸልኦን ዕቃበታትካን ትገልጸሉን ድኣ ይኹን እምበር፡ ኣብቲ እዋን ናይ ገዛእ ርእሱ መርከብ ከጥሪ ዝወሰዶ ስጉምትስ ዝድንቕ ኢዩ።

2 ሕቡእ ስራሕ ክብሮም እንታይ ኔሩ?

ክብሮም፡ ኣብቲ ውድብ ህዝባዊ ግንባር መራኽብን ጀላቡን ክገዝእ ዝመደበሉ እዋን፡ ኣብ ዘይምልከቶ ጉዳይን ክቕላዕ ኣብ ዘይተደልየሉ እዋን፡ ላዕልን ታሕትን ኪብል ተራእዩ። እቲ ብትዕዝብቲ ዝውህለል ዝነበረ ባህርያት ተቓሊዑ። ብዘይካ ከም ማእከላይ መራኽቢ( Broker ) ኮይኑ ካብ ሸየጥቲ ዝሓተቶ ዶላራት፡ ባዕሉ ከም ዓዳጊ ኮይኑ ዘቕረቦ ተወሳኺ ዕጽፍታት ዋጋታት ኢዩ። እቲ ናይ ገንዘብ፡ ምጥፍፋእን ዓይነት ናይተን ዝተሓተታንን ዝተዓደጋን መራኽብን ብእኡ ንብኡ ተፈሊጡ። ኣይተፈለጥኩን ዝበለ ክብሮም ዳፍላ ግን ኣብ ባንክ እሞ ኸኣ ኣብ ናይ ውልቁ ሕሳብ ኣታዊ ጌሩዎ። ኣብቲ እዋን እቲ ኢድ ንኢድ ዝሓዞን ብጭብጢ ኣሰንዩ ዝኸሰሶ መቃልስቱ ብጽሑፍ ናብ ዝምልከቶ ኣካል ከም ዝለኣኸ ይፍለጥ። ገለ ካብቲ ጽሑፍ ቃል ብቓሉ ከምዚ ይብል ኔሩ። “ ክብሮም ዳፍላ፡ ኣብ ርእሲ እቲ በብእዋን ሰሪቑ ብዝተፈላለየ ኣስማት ኣብ ባንክ ዘእትዎ ዝነበረ ገንዘብ ውድብ፡ ካብቲ መዐደጊ ናይ መራኸብ ዘጠፋፍኦ ገንዘብ ውድብ’ውን ኣብ ናይ ውልቁ ሕሳብ ባንክ ኣእትዩዎ ኣሎ። እዚ ሰብ እዚ ብደም ብጾት ክሕተት ኣለዎ” ዝብል ኔሩ። በዚ ርእሱ ክሳብ ዘድንን ተነቒፉ። ናይ ቀረባ ብጾቱ ነቲ ፍጻሜ ብነቐፌታ ጥራይ ክሓልፍዎ ኣይመረጹን።

3 ክብሮም ስለምንታይ ናብ ሜዳ ተመሊሱ?

ንክብሮም ናብ ሜዳ ወይ ናብ መሪሕነት ዝበጽሐ ክሲ ቀሪብሉ ኔሩ። መሪሕነት፡ ነቲ በብእዋኑ ዝተኣከበ ጸብጻብ ጠርኒፉ ንናይ ክብሮም ኣበርክቶን ጌጋኡን ብምዝማድ ግቡእ መአረምታ ተዋሂብዎ። ስርሑ ክቕጽል ተነጊርዎ። እቲ ልምዲ ኣይገደፎን። እቲ ክሲ ናብ ዝለዓለ ኣካል ህዝባዊ ግንባር በጺሑ። መሳርሕቱ፡ ኣብ ልዕሊኡ ሓደ ስጉምቲ ኪውሰድ ሓቲቶም። በዚ ከኣ ክብሮም ዳፍላ ኣብ ኣጋ ናጽነት'ውን በቲ ጉዳይ ብኻልእን ንሜዳ ክኣትዉ ተሓቢሩዎ። ሜዳ ኣትዩ ኔሩ። ኣብቲ እዋን ሓላፊ ስለያን ጸጥታን ዝነበረ ጴጥሮስ ሰለሙን ነታ ጉዳይ ሒዝዎ። “ዘይጋገ ሰብ የለን። ምናልባት ናትካ ቁሩብ ክብድ ይብል ይኸውን ኢዩ። ቀስ ኢልካ ዝርአ ሕቶታት ክህልወካ ይኽእል ኢዩ። ናብ ሜዳ ክትመጽእ ግን ኣይተጸበካን። መሪሕነት ብዝወሰድካዮ ስጉምቲ ተቐቢሉካ ኣሎ። ክሳብ ሓዲኡ ዝንገረካን ኣብ ዓራርብ ክትጸንሕ ኢኻ” ብምባል ብዘይ መቕጻዕትን ብዘይ ስራሕን ክልተ ዓመት ዓራርብ ጸኒሑ። በዚ ናጽነት ኣርኪባ። እቶም ብቐረባ ነቲ ጉዳይ ዝተኸታተልዎ ናይ ስራሕ ብጾቱ ኣብ ልዕሊኡ ስጉምቲ ብዘይምሳዱ ኣይተሓጎሱን። እቶም ብህይወት ዘለዉ መቃልስቱን ብጾቱን በቲ ውሳነ መዓንጣ ከብዶም ዝተቖረጸሉን ዝሓመምሉን ኢዩ። ክሳብ ለይቲ ሎሚ ሰላም ናይ ኣማላኺ ዘይብሎም ኣለዉ። ንሱ ግን ከም ኵሉ ብቕንዕና ዝተቓለሰ ተጋዳላይን ሓፋሽ ውዱባትን ኣስመራ ኣትዩ።

4 ህይወት ክብሮም ድሕሪ ናጽነት እንታይ ይመስል?

ባህርያትን ምንቅስቓሳትን ክብሮም ብሕትዉ ኢዩ። እቲ ቅድሚ ናጽነት ዝፈጸሞ ተግባራት ክሳዱ ከቕንዕን ዓይኒ ሰብ መሊኡ ክርእይ ኣይሓገዞን። ንዘይፈልጦ ሰብ፡ ክብሮም ፈታዉ ገዛኡን ዓርኪ ዘይብሉ ሰብ ኢዩ ዝመስሎ። ካብ ስራሕ ናብ ገዝኡ ጥራይ ዝንቀሳቐስ። ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ምስ ኣዝዩ ዝኣምኖም ውሑዳት ሰባት ኢዩ ዝራኸብ። ንቑሩብ ደቓይቕ ጥራይ ኢዩ ዘዕልል ኔሩ። ዝኾነ ሰብ ኣበይን እንታይ ይሰርሕን ከምዝነበረ ይፈልጥ ኣይነበረን። ዓመታት ብኸምኡ እኳ እንተቐጸለ ጉዳያት ግዜ በሊያም ተረሲያም ይኾኑ ኢዮም ብዝብል እምነት ናብ መራኸቢ ብዙሃን ክቕልቀል ብምጅማሩ ሃለዋቱ ተፈሊጡ።

ክብሮም ዳፍላ ምስ ጋዜጠኛታት ፍሉይ ርክብ ከም ዝነበሮ ኢዩ ዝፍለጥ። ብዘይካ እቲ ምሓዞም ዘዳልዎ ናይ ኣበልን ካልእን መቘሸሸ ኣብ ዝኾነ መዓልትን ሰዓትን ብቐጥታ ክረኽብዎ ኣይሸገሩን። ጋሻን ዓሚልን ኣውጺኡ ይእንግዶም ከም ዝነበረ ክዝረብ ግዜ ኣይወሰደን። በዚ ከኣ ኣብ ንኡስ ሓላፍነት ከሎ ህቡብነት ኣጥርዩ። ኣብ ሂምቦል፡ ባዶ ትሸዓተ፡ ኣታዊ ውሽጢ ሃገር፡ ሃገራዊ ግምጃ ኣብ ዝነበረሉ ከኣ ቀጻሊ ኣብ ራድዮ ድምጺ ሓፋሽ ክቐርብ ከሎ፡ እቶም ብዝፈጸሞ ተግባርን ብውሳነ ህዝባዊ ግንባር ዘይተሓጎሱ ብጾቱ ሃህ ኢሎም ክሓምዩዎ ተሰሚዖም ኢዮም። እቲ ናይ ቅድም ኣበርክቶኡን ናይ

ቃልሲ ግዜኡን ኣበሩን ዘይፈልጥ ሰብ ብእኡ ዘይተመሰጠ ኣይነበረን። ኣታዊ ውሽጢ ሃገር ዘርእዮ ዝነበረ ጉድለት ኣብ ምእካብ ግብርን ኣሳልጦ ስራሕን ማእለያ የብሉን። እቲ ዘሕዝን ውሑዳት ጋዜጠኛታት ጥራይ ኢዮም ብዛዕብኡ ኪነቕፉ ተራእዮም። ነቲ ሳሕቲ ዝቐርብ ዝነበረ ነቲ ኣሰራርሓ ኪወቕሱዎን ኣብ ጋዜጣ ዝወጽእ ኣዝዩ ልምሉም ነቐፌታ ጽሑፍ ክጻወሮ ኣይተራእየን። ጸርጸር ክብልን ብራድዮ ክምልስ ምጒያዩ ኣይርሳዕን። ብዙሓት ነቲ ሓቂ ዝፈልጡ ንዜና ኪነቕፉ ተሰሚየም ኢዮም።

ፍሉይ ክእለትን ብልሕን ክብሮም ዳፍላ ፍልጠትን ጻዕሪ መሳርሕቱ ምዕማጽ ኢዩ። ብዝተፈላለዩ ምሁራን ዝቐርብ መጽናዕቲ ብስሙ ብምቅያር ዝና ክረክብ ብዙሕ ግዜ ላዕልን ታሕትን ክብል ተራእዩ። በቲ ሜላ ናይ ወሓለ ምምሳል ባህርን ለመጭ መልሓስ ዘይኰሕኩሖ ማዕጸ ሚኒስተር ኣይነበረን። ነቶም ንዕኡ ዝትንክፍን ንስርሑ ዝነቅፍ መሳርሕቱ ግዳይ ናይ ምግባር ስጉምቲ ድሕር ኣይብልን። ንረኣዩለይ ስምዑለይ ብፍላይ ኣብ ሲቪል ሰራሕተኛታት ዝወሰዶ ስጉምቲ ቀሊል ኣይነበረን። ብዝፈጸሙዎን ዘይወዓሉዎን ክሲ ዓመታት ዝተኣስሩን ካብ ስራሕ ዝተሰጉን ውሑዳት ኣይኮኑን።

ክብሮም፡ ነቲ በይኑን ውሑዳት ብጾቱን ዘይርስዕዎ ኣበሩ ንምሽፋን ኣብ መንጎ ሲቪልን ተጋደልትን ቅሉዕ ኣድልዎ ክገብር ይግደድ ኔሩ። ምስ ኣዝዩ ዝኣምኖምን ዝቐርቦምን ውሑዳት ሰባት የምሉቖ። ንኣብነት ነታ እንኮ ኣብ ሚኒስትሪ ፋይናንስ ዳይረክተር ጀነራል ዝኾነት ሲቪል ዝነበሮ ኣጣምታ የግህዶ ኔሩ። "ጸገም ተረኺቡ ጉድ ንርኢ ኣለና" ኢሉ ንመንግስቲ ዝሓምዩ ተመሲሉ ስምዒታቱ የግህድ። ዝተጋደለ ብሰሪ ትምህርቲ ክውገኑ ሲቪልን ሃገራዊ ኣገልግሎትን ከኣ ዋናታት ክኾኑ" ኢሉ ንሓደ ኣባል ቀዳማይ ዙርያ ኣዕሊልዎ። እቲ ዘመዱ፡ ተጋዳላይን ይመስሎ ብምንባሩ ከሓጉሶ ኢዩ ሓሲብዎ። እታ ዘረባ ግን ናብ ሚኒስተር ፋይናንስ በጺሐ። ናይ ቃል መኣረምታ ተዋሂብዋ። ድሕር'ዚ ካብ ኦፊስ ወጺኡ ኣብታ ብሕትውቲ ገዝኡ ክኣትው ኢዩ መሪጹ። ንኽብሮም ምስ ሰብ ወይ ኣብ መዘናግዒ ቦታ ርእየዮ ዝብል ሰብ ይከሰስ። ብዘይካ ሂምቦልን ባዶ ትሽዓተን ንደገ ከይዱ ዕድላት ዕድጊ ዝረኸበለን ኣጋጣሚ ኣይነበረን። ኣብዘን ትካላት እዚኣን ግን ኮሚሽን ብምሕታት ገንዘብ ከጠራቕም ስለ ዝተረኽበ ካብኡ ናብ ኣታዊ ውሽጢ ሃገር ክሰሓብ ተጌሩ። ባህሩን ስርሑን ኣብ ሓላፍነት ሃገራዊ ኮንፈደሬሽን ሰራሕተኛታት ኤርትራ (ሃኮሰኤ) ዘለዉ መቕርቡ ኣጸቢቖም ኢዮም ዝፈልጡ። ኣብ ኣስመራ ብዘሎ ኣካይዳ እንታይ ኣእትዩና ዝብል ስምዒት ግን ትም ይሓይሽ ካብ ምባል ካልእ ሓበሬታ ክህቡ ኣይተራእዩን። ኣመል ግን ዝገድፍ ኣይኮነን። ህዝባዊ ግንባር ካብ መርፍእ ክሳብ መድፍዕ ኢዩ ዝጸባጸብ። ብዙሓት መርፍእ ዘጥፍኡ ሰባት ከቢድ መቕጻዕቲ ኪቕጽዑ ከለዉ ክብሮም ዳፍላ ክንዲ ጎቦ ዝኸውን ገበን ፈጺሙ ዘይምቕጽዑ ንብዙሓት ዘስደመመ ነገር ኢዩ። ብዙሓት ሓለፍቲ'ውን ዕጉባት

ኣይኮኑን። ክሳብ ሕጂ ንብዙሓት ምስጢር ኮይኑዎም ዘሎ ጉዳይ'ውን እዚ ኢዩ።

5 ክብሮም ዳፍላን ኣሰራርሓ መገዲ ኣየር ኤርትራን

ንህዝባዊ ግንባር ብርእሰ ምርኮሳ ምስርሑ ብዙሕ ዘድገፍ ብዙሕ ከኣ ዝንቀፍ ኢዩ ዘለዎ። ናተይ ኣብ ብዙሕ ነጥቢታት ዝተፈልየ ርእይቶ ኄሩኒ። ንኣብነት መገዲ ኣየር ኤርትራ ክብገስ ከሎ፡ ብኤርትራዊ ክእለትን ዓቕምን ክብገስ የብሉን። እግሪ ክሳብ ዝተክእል ካብተን ዝማዕበላ ሃገራትን ሰፊሕ ተመኩሮ ዘለዎ ሰባት ኣምጺእና ነጀምሮ" ዝብል ርእይቶ ኄሩና። ኣብዚ ግን ህዝባዊ ግንባር ብውሽጣዊ ዓቕሚ ክብገስ ኢዩ ኢሉ ጀሚሩዎ። ከምቲ ዝበልናዮ ከኣ ኮይኑ። ፈለማ ሳልማ ሓሰን ከም ኣካያዲ ስራሕ መገዲ ኣየር ኤርትራ ኮይና ተመዲባ። ክሰርሕ ኣይክኣለን። ብድሕሪኡ ብቦርድ ኪካየድን ኣካያዲ ስራሕ ከኣ ክብሮም ዳፍላ ምስ ተመደበ፡ ክመሓየሽ ኣይተጸበናን። በንጻሩ ምስቲ ኣቐዲምና ንፈልጦ ባህርያትን ኣመላትን ክብሮም ተሓዋዊስኒ። እንታይ ኢዮም ዝገብሩ ዘለዉ ዝብል ሕቶ ጥራይ ኣበጊሰ።

ክብሮም ዳፍላ ናብ መገዲ ኣየር ኤርትራ ምስ ተመደበ ምቹእ ባይታ ስርቂ ኢዩ ረኺቡ። ኣብ ሓጺር ግዜ ከኣ ነታ ነፋሪት ንምዕራይ ንምሕዳስ ካልእን ምኽንያት ብምፍጣር ኣብ ዘይምልከቶን ዘይክእሎን ስራሕ ክኣትውን ርክባት ክፈጥርን ተራእዩ። ከምቲ ዝፈራሕናዮ ከኣ ኮይኑ። ማእለያ ዘይብሉ ዕንወት ኣኸቲሉ። ወዲቓ ንኽይትትስእ ዝክኣሎ ሰሪሑ። ገለ ካብቲ ብዙሕ ዘይ ኢንሹራንስን ፍቓድ ኢንስፐክተር ኣቬሽን ከንቀሳቕሳ ጀሚሩ። ከም ናይ ውልቁ ኣውቶቡስ ብዘይ ኢንስፐክሽን ካብ ሃገር ናብ ሃገር ኣንቀሳቒስዋ። በዚ ከኣ ምስ ኣቶ መስፍን ሃይለ ክረዳዳእ ኣይክኣለን።

ኣቶ መስፍን ሃይለ፡ ኣብ ግዜ ሃይለ ስላሰ ናይ ምሉእ ኢትዮጵያ ናይ ኣቬሽን ሓላፊ ዝነበረ እሞ ኣባል ሓፋሽ ውዱባት ኮይኑ ብዙሕ ስራሕ ዝፈጸመ ዜጋ ኢዩ። ገለ ካብቲ ብዙሕ ስርሑ ኣብ ቃልሲ ምጭዋይ ነፈርቲ ኢትዮጵያ ካራችን ብስርሒት ማርታ ዝፍለጥ ፈተ ጭውያ ናይ ኣዲስ ኣበባ ዝቀለሰ ኢዩ። ኣብ ብዙሕ ዓበይቲ ውድባዊ ስራሕ ተቓሊሱ ኣብ ሃድን ጸላኢ ምስ ኣተወ ኣምሊጡ ናብ ስደት ዝከደ ሞያተኛ ኢዩ። ኣቐዲሙ ናብ ኣመሪካ ምኻድ ማህደረ ትምህርቲ ናይ ኣቪየሽን ብምውሳድ ዝለዓለ ዓለም ለኸ ሰርትፊኬት ስለ ዝነበሮ፡ ኣብ መገዲ ኣየር ስዑድያ ተቖጺሩ ሰሪሑ። ናብ ጀርመን ብምቕጻል'ውን ኣብ መገዲ ኣየር ሉፍ ታንዛ ኣገልጊሉ ኢዩ። ናጽነት ምስ ኮነ ናብ ኤርትራ ኣትዩ።

እዚ ተመክሮ እዚ ዝነበሮ ኣቶ መስፍን ሃይለ፡ ነቲ ካብ ኣቦይ ተመክሮ ወሲደን መጽናዕቲ ኣካዪደ ዝብል ዝነበረ ክብሮም ዳፍላ ኣብ ኣሰራርሓ ብፍላይ ከኣ ሰርቪስን ኢንሹራንስን ክሰማምዑ ኣይክኣሉን። ክብሮም ናይ ቀድም ፍልጠት ስለ ዝነበሮ፡ ጽቡቕ ዕርክነት ፈጢሩ ክሕዞ እኳ እንተፈተነ ኣቶ መስፍን ንኣካይዳኡ ክቕበሎ ኣይክኣለን። ንክብሮም ክምዕዶን ክኣልዮን ፈቲኑ፡

ኣይሰምዐን። ብድሕርʼዚ ምክትታል መጺኡ። ኣቶ መስፍን ንክብሮም ዳፍላ ብዙሕ ኣበራት ረኺበሉ።
ኣብ መወዳእታ ሓንቲ ደብዳበ ጽሒፈሉ። ገለ ካብ ትሕዝቶኣ “ ንስኻ ጨካን ብደም ስዉኣትን ገንዘብ ሕድሪ ደቂ ስዉኣትን ዝተዓደገት ነፋሪት ቀቲልካያ። ንስኻ ብዘይካ ስርቂ ከተማሕድር ዓቕሚ ስለ ዘይብልካ በጃኻ ሪዛይን ሕተት” በሎ። እዚ ክብል ዘገደዶ ኣቶ መስፍን ኣብ ልዕሊ ዜጋታት ብፍላይ ከኣ ደቂ ስዉኣት ፍሉይ ተገዳስነት ስለ ዘለዎ ኢዩ። ገለ ካብቲ ዝገብሮ ኣብ ራድዮ ማሪናዮ ዝርከብ ገዝኡ ኣካርዩ ደቂ ስዉኣት ኢዩ ዘዕብየሉ። ሃመር ፎሮም ዝብሃል ክኢላ መጥባሕቲ ልብን ቃጸሎን ናብ ኤርትራ ብምምጻእ ቀጻሊ ሕክምናዊ ረድኤት ዝህቡ ንሱ ዝመርሖ ኢዩ።
ኣቶ መስፍን ንምሉእ ምንቅስቓስ ክብሮም ክከታተል ዘገደዶ ማኣለያ ዘይብሉ ገበናት ስለ ዝተዓዘበሉ ኢዩ። ብጽሑፍ ክሳብ ዝለዓለ መራሒ ሃገርን ኣባላት ቦድር መገዲ ኣየር ኤርትራ ዝኾኑ ሚኒስተር ምክልኻል፡ ሚንስተር ሃገራዊ ልምዓት፡ ሚኒስተር ፋይናንስን ሓላፊ ቁጠባዊ ጉዳያት ህግደፍን ቅዳሕ ናይቲ ንክብሮም ዳፍላ ካብ መገዲ ኣየር ኤርትራ ዝሰረቖን ብኮሚሽን ዝረኸቦን ናይ ኢንሹራስ ክፍሊት ናብ ጁባኡ ዝኸተቶ ገንዘብ ብደቂቕን ብቕዳሕን ብምሓዝ ኢዩ ኣቕሪቡ። ብጭብጢ ዝተሰነየ ክስታቱ ጸሓፊቱʼውን እትርከቦ ዝነበረት ናይ ፋክስን ደብዳቤታትን ጽሑፋት ኣሎ። ኣቶ መስፍን ሃይለ፡ እቲ ቦድር ኣብ ልዕሊ ክብሮም ዳፍላ ዝኾነ መኣረምታ ስለ ዘይተገብረሉ ሓደ ስጉምቲ ወሲዱ።
ንክብሮም ዳፍላ ወረቐት ስንብታ ሓቲቱ ጠቕሊሉ መገዲ ኣየር ገዲፍዎ። ክብሮም ኣብ በበይኑ ትካላት መንግስቲ ዝሰረቖ ገንዘብ ክንደይ ይበጽሕ? ምቅታል መገዲ ኣየር ኤርትራን ካብ ምንታይ ኢዩ ዝብገስ? ልክዕ ኣሃዝ ናይቲ ኣብ ዝተፈላለየ ባንክታት ዓለም ዘሎ ገንዘቡ ክንደይ ይበጽሕ? ብስም ወዲ ሓዉን ጓል ሓፍቱን ዝኣተው ገንዘብ ክንደይ ይበጽሕ? ኩባንያ መዐረይ ነፋሪት ንክብሮም ዝኣተዉሉ መብጽዓን ዝሃብዎ ዕርቡንን ክንደይ ኔሩ? ብትካል ሂምቦል ዝተሰጋገረ ናይ ሓንቲ ዜጋ ገንዘብ ናበይ ኣቢልዎ? ኣስመራ ዝርከብ ናይ ኢጣልያዊ መበቆል ዘለዎ ቪላ ናይ ዝሸጦ ገንዘብ ንመን ኣረከቦ? ኣብ ዝቅጽል ጽሑፍ ተኸታተሉኒ።

ይቕጽል